08/08/2009

# *ቃል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ፈስቲቫል ፍራንክፈርት 2009*



*ዝኸበርካ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡*

*ዝኸበርኩም መራሕትን ኣባላትን ክልቲኡ ሰልፍታት፡*

*ክቡራትን ክቡራንን ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ፡*

ኣብ ፈስቲቫል ፍራንክፈርት 2009 ብኣካል ክርከብ ዝነበረኒ ሃንቀውታ ኣይሰመረለይን። " ብተኣምኖ ልኢኽካ እንታይ ተረፈኒ ኣይትበል" ብዝብል ዘረብ ለባማት ድማ እድዓዓስ።

**ክቡራትን ክቡራንን፡**

ፈስቲቫል ፍራንክፈርት መቐጸልታ እቲ ሰውራዊ ባይቶ ዓመታዊ ዘካይዶ ዝነበረ ፈስቲቫል ካስል'ዩ። ከም ኮነ፡ ፈስቲቫል ካስል ብሓድነት ክቕጽል ዘይትምነ ደላዩ ስኒት ኣይመሃለወን። ካብ ኮነ ግን ካብ ባዶ ተበጊስካ፡ ንኹሉ ጓሓፍ ዝፍንፍኖም ኀስጓሳት ተጻዊርካ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ንግደት ክትውድብ ምኽኣል፡ ንኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ነበር ሕጂ ድማ ብሰልፊ ህዝቢ ስለ እቲ ዘርኣይዎ ጽንዓት ዮሃና እብሎም። ብተማሳሊ ሎም ዘበን ብሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ደሞክራሲ ክውደብ ምኽኣሉ፡ እዚ ፈስቲቫል'ዚ ንዓመታ መተካእታ ፈስቲቫላት ህግደፍ ከም ዝኸውን ጥርጥር ስለዘይብለይ፡ ንኣባላት ክልቲኦም ሰልፍታት ዮሃና፡ እቲ ቑኑዕ ኣንፈት ሒዝኩም ኣለኹም። ብተወሳኺ ንዓመታ ዝግበር ንግደት ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ከም ናይ ሎሚ ዕዱማት ዘይኮነ፡ ዋናታት ስለዝኾኑ ንዐኦም'ውን እንኳዕ ሓጎሰና እብለኩም።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

**ሰለስቲኡ ውድባት ማለት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሓደ ሰልፊ ክኸውን'ዩ። ታሪኽ፣ ቃልስና ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሓደ ንኽኸውን ፍርዲ ስለዝበየነ'ዩ። ሓፋሽ ህዝቢ በዚ ታሪኻዊ ብይን ሕጉስ'ዩ። ገለ ወገናት ግን ዝመጽእ ለውጢ የለን ኢሎም ዝጠራጠሩ ኣለዉ። ዝትስፈውን ዝጠራጠሩን ክህልዉ ንቡር'ዩ። ንሕና ድማ ኣብ ተታሓሒዝናዮ ዘሎና ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፣ ሰልፍና እጃሙ ከምዘበርክት ጽኑዕ እምነት ኣሎና። ምኽንያቱ ድማ ዘተኣማምኑ ዋናታት ስለ ዘለውዎ'ዩ። ዋናታት ናይ'ዚ ሓድሽ ሰልፊ መንእሰያት'ዮም። ልክዕ'ዩ ብሰንኪ ጨካን ኣተሓሕዛ ህግደፍ ብዙሓት መንእሰያት ልቦም ባህሪሩ፣ ተስፍኦም ጸልሚቱ፣ ናብራ ባርነት መሪርዎም ናብ እግሮም ዝመረሖም ካብ ኤርትራ ኣርሒቖም ክስደዱ ዝደልዩ ኣለው። በቲ ካልእ መዳይ ድማ፣ ንኤርትራ ልዕሊ ሂወቶም ዘፍቅሩ፣ ምእንቲ ኤርትራ ስድራቤቶም ዝረስዑ፣ ንናጽነት ኤርትራ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ከም ታቦት ዘምልኹ፣ ምቅንጃው ገድሊ ዝጽየፉን ኣብ ግዜ ገድሊ ዝተፈጸሙ ጌጋታት ንኸይደግሙ ብዓይኒ ኣምራ ዝከታተሉን መንእሰያት ኣሎዉ። እዞም ዳሕሮዎት ምድብ'ዮም ከኣ ዋናታት ሰልፍና። ሽሕኳ ንዓና ነዞም ኣቦታቶምን ኣያታቶምን ዝኾና መዋእልና ኣብ ቃልሲ ዘሕለፍና ተቃለስቲ ምብራይን ሓለፍነት ምስካምን ባህርያውን ጉብኦምን ይኹን፣ ስለቲ መለለዪ ኤርትራዊ መንነት ዝኾነ ብዓወት ዝዛዘም ሕድሪ ቃልስን መስዋእትን ምውራሶም ንሕበን። ስለዝኾነ'ዩ ድማ ኣብ ምምጻእን ምህናጽን ዲሞክራሲ ሰልፍና እጃሙ ከም ዘበርክት እንተኣማመን።**

***ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩምኒ ኣመስግን፣***

***ዓወት ወይ ሞት !***

***ኣድሓኖም ገብረማርያም፣***